الحركة الشعبية الإرترية
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
Eritrean People's Movement

"ቃለ-መጠይቅ ፕረዚደንት ኢሳያስ" ጨግራፍሲ ባዕላ ወቂዓ ባዕላ ትእዊ ዝብሃል ከምዚ'ዩ

ኣንባቢ ንጽሑፈይ በዚ ኣብ ሓጹር ኣቐሚጠዮ ዘሎኹ ሓሳብ ክትርደኦ ብትሕትና ይላቦ። (ካብቲ ቃለ መጠይቅ ንተዘክሮታተይ ዝተንከፈ ንዝያዳ ዘገድሰኒ ኢለ ዝኣመንኩሎም ነጥብታት እየ ትንክፍ ኣቢለዮ ዘሎኹ። ምናልባት ኣብ ሓንጎለይ እናተማላለሰ ዘጨንቖኒ ምስቲ ቃለ-መጠይቅ ምትእስሳር ዘይብሉ'ውን ተንኪፈ ክኸውን ይኽእል ኢየ። ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን፡ ፍልስጤምን እስራኤልን፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ዝትንክፍ ትንታኔኡ'ውን ኣይኣተኹን። ኣብ ልዕሊ ረድኤት ማሕበራትን ነጻ ፕረስን ዝበሎ ሃለውለው ፍሉጥ ስለ ዝኾነ ብዙሕ ኣቓልቦ ኣይሃብክዎን።)

ምእታው ሓድሽ ዓመት 2010 ከም መበገሲ ተጠቒሙ ንዝቖረበሉ ሕቶታት ክምልስ ዝገበሮ ትንታኔታት ንክትሰምየ ኣዝዩ ዘሰልኪ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሕቶ ዚደጋገማ ቃላት ጭንቀት፡ ዕልቅልቕ፡ ቅልውላው ዝብላ ሓረጋት ብምዝውታር ሓሓሊፉ ነቲ ህሉው ውሽጣዊ ኩነታቱ ዘቃልዕ ህውተታ ምንባሩ ስውር ኣይነበረን። ንዝገበሮ ቃለ-ምልልስ ሓድሽ ዓመት ከም መበገሲ እኳ እንተ ተጠቕመሉ ዕላማ ኣውያቱ ነቲ ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊኡን ጉጅልኡን ዚተበየነ እገዳ (ማዕቀብ) ንህዝቢ ኤርትራ ሓላፍነት ንምሽካም ኮነ ተባሂሉ ዚተዋደደ ሓንኳል ሜላ ምንባሩስ ብሩህ እዩ ነይሩ። መስኪን ህዝቢ እታ እንኮ ብፈጣሪኡ ዚተዋህበቶ ዘይትሕከኽ መሰሉ እኳ ብነጻ ከስተማቕራ ዕድል ዘይተዋህቦስ ገመድ ኣብ ክሳድካ ምስ ኣንጸላለወት ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ቀሪብካ ንብዓት ሓርገጽ ምንባዕን ምምሽኻንን ፍረ ኣልቦ ምኻኑ ኣዳዕዲዑ ይፈልጥ እዩ። ዶኾን ገለ ገርህታት ይታለሉ ተባሂሉ ዝተጠቐአ መርዛም ፖሊሲ ምኻኑ ግን ስውር ኣይነበረን። ባዕሉ ዝመዘዞም ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ንምይይጥ ዕድል ዘይህብስ ድሮ እንግድዕዉ ሂቡዎ ዘሎ ህዝቢ ዓንገረር ኢሉ ኣብ ጎድኑ ከሰልፎ ዘይሕሰብ ኢዩ። እቲ ልሙድ ናይ ምትላል ሜላታቱ ክሳብ ብሓይሊ ካብታ ሒዝዋ ዘሎ ስልጣን ዘልግስ ግን ዓንዳሪ ፖሊስኡ ክቕጽሎ ምኻኑ፡ ይትረፍ ህዝቢ ኤርትራስ ማሕበረ-ሰብ ዓለም'ውን እንተኾነ ሓገዞም እናለገሱ ናብ ሰላም ንክምለስ ዝገበርዎ ጻዕርታት በርዒኑን ኣብ ዕጹው መገዲ በጺሑን። ካብዚ ሓሊፉ ሃዋሁው ቅርኒ ኣፍሪቃ ንምዝራግን ምሕማስን ብዝለዓለ ዕንደራታቱ ስለ ዝቕጸለ ኣብ ልዕሊኡ ማዕቀብ ተበይኑ።

ብዙሕ ዕንወታትን ክሳራታትን ምስ ኣጋጠሞ ካብ ተሓታትነት ንምህዳም ንነገራት ጐልቢብካ፡ መኣዝኑ ብምጥዋይ ከምዚ ዝኣመሰለ መደረታት ምግባር ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን።

1. ንኣብነት "ናይ 73 ኣዕናዊ ምንቅስቓስ" ኢሉ ዘውጽኦ ማኒፌስቶ ብዝርዝር ክተንብቦ ከሎኻ ኣቀራርባ ናይቲ ጽሑፍ ብምልኡ ንረብሕኡ ተባሂሉ ዝተዋደደ ማኒፌስቶ እዩ ነይሩ። ኣጠማምትኡን ኣቀራርብኡን ናይ ሓደ ወገን ርእይቶ ጥራሕ ዝውክል ኮይኑ፡ ነቲ ዝነበረ ትሑትን ንጹሉን ኩነታት ግን ጽቡቕ ገይሩ ተጠቒሙሉ እዩ። ነቶም ክሱሳት ኣብ ቀይዲ ድሕሪ ምእታው ዝተጠቕመሉ ሜላ ኣብቲ ጽሑፍ ኢሳያስ ጥራሕ ዝምልሽ (ተኸሲሰ ዝብል ንሱ ስለ ዝኾነ) ይኸውን ካብቶም ቅዩዳት ዘልዓልዎ ነጥብታት ከም መራጎዲ ናይ 3ተ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣስማት ከም መሳኻኽር ይጠቅስ። "ንሰሎሙን ወልደማርያም ክቀትልዎ ደልዮም ኢሎም ይኸሱ ይብል"። "ኣብ ስራሕ ተወልደ ኢዮብ ኢድካ ትእቱ ኢሎም ይኸሱኒ ይብል"። "ኣብ ናይ ስንቂ ከኣ ባዕሉ መስፍን ሓጎስ ክምስክር ይኽእል ኢዩ ይብል"። እዞም ተጠቒሶም ዘለው ሓለፍቲ ኣብቲ ማኒፍስቶ ዝሃብዎ ናቶም ቃል ግን ደሊኻ ኣይትረክብን። ኣንባባይ ኣብቲ ማኒፌስቶ ካልእ

ዝርዝራት ከምዘሎ ክትግንዘበለይ ይደሊ። ንኣብነት ሓንቲ ነጥቢ ሰብ ብኢድካ ምህራም ትብል ኢሳያስ ባዕሉ ንእገለ ዝሃረምክዎ ሽዑ ተነቂፈላ እየ ይብል።

እቶም ኣብ ቀይዲ ዝኣተው ክሱሳት ብበለካ በለካ እንተዘይኮኑ ባዕላቶም ኣብ ቅድሚ መንጎኛ (ምኳን እኳ መን ክፈቕደሎም) ኣካል ቀሪቦም ዝሃብዎ ቃል ወይ ቅንጣብ ጽሑፍ ክትረክብ ሕልሚ እዩ። ዘረባ ክልተ ከይሰማዕካ ኣይትፍረድ ዝብሃል ለባምን ሓቀኛን ዘረባ ኣብታ እዋን'ቲኣ ካብ ባህልናን ልምድናን ተሓኺኻ ተጓሒፉ እያ። ሰብ ከኣ ብውልቃዊ ውንታ ከም ጠል ተተሳሒቡ ይጠፍእ ነይሩን ኣሎን። ኦሮማይ ንምጥፍኦም ተዋዲዱን ተወዲኡን ስለ ዝነበረ፡ መሳኺን ንጹሃት ሃገራውያን ነብሶም ኣብ ዘይብሉ ኣብ ቅድሚ ደገፍቱን መዛሙርቱን ዝሃቦ መደረ ምስዚ ናይ ሕጂ ናይ ግዜ ፍልልይ እንተዘይኮይኑ ሓደ እዩ ነይሩ። ፍልልዩ ሽዑ ኣንጻር ንጹሃት ኤርትራውያን፡ ሕጂ ከኣ ኣንጻር ማሕበረ-ሰብ ዓለም እኳ እንተኾነ፡ ሎሚ'ውን ኣማኢት ኣሽሓት ኤርትራውያን ኣብ ትሕቲ መሬት ብዘይ ፍትሒ ይሳቐዩ ምህላዎም ምዝካር የድሊ። ንበይኑ ዝወነኖ ሜዳ ኣብ ቅድሚ ጉጅልኡ ንነገራት ኣጸባቢቕን ኣረጓጐዱን ነቶም ስማዊ ሓላፍነት ዝነበሮም መሻርኽቱ እገለ ክምስክር ይኽእል ኢዩ እናበልካ ባዕል'ኻ ከሳሲ ባዕል'ኻ ፈራዲ ኮንካ ቃሎም ከይተሰምዐ ዝተቀንጽሉ ድኣ ኣበየናይ መገባእያን ዳኛን ኢዮም ቀሪቦም?። እቶም የማናውያን ተባሂሎም ብዘይፍሉጥ ከም ጨው ዝሓቀቁኽ ኣበየናይ መገባእያ ቀሪቦም?። እዚ ኩሉ ገበን ዚፈጸመ ትካል ሓለዋ ሰውራ ዝብሃል ንሰውራ ዝሕሉ ዘይኮነስ ንሃገራውያን ዘጽነተ ትካል እዩ ነይሩ። ናይ ሎሚ መተካእትኡ ከኣ ፍሉይ ቤት ፍርዲ።

2. ኣብ ናይ ዶብ ግጭት ሓይልታት ኤርትራ ካብ ባድመ ተደፊኦም ምስ ወጹ ዝሃቦ መደረ ከኣ ተመሳሳሊ ነይሩ። ተጠሊዑ ጌጋታትና ኣለሊናዮም ኣሎና፡ ኣብ ምፍሻል ናይቲ ግንባር ተራ ዝተጻወቱ ኣብ ግዚኡ ክነቃልፆም ኢና እናበለ ፍሽለቱ ናብ ካልኦት ከሽክም እዩ ፈቲኑ። ካብቲ ኩሉ ክሳራታት ንምህዳም ዝተጠቕመሉ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብቲ ንሱ ዘተምበሆ ክሕደት ዝወደቐ ወላ ሓደ ሓላፊ ወይ ጀነራል ኣይነበረን። ንኹሉ ዝመለኽት ልሳን ድላያ ስለ ትዛረብ ግን ናይ ሰራዊት ምዕዝምዛም ናብ ካልእ መኣዝን መታን ከይከይድ ንግዝይኡ መደዓዓሲ ተጠቒሙሉ።

3. ኢሰያስ ክብሪ ሰብ ዘይሕሉ'ውን እዩ። ይዝከረኒ ኣብ 80ታት ሓደ ምሽት ኣብ ሮማ (ኣብ ናቕፋ ዝብሃል ገዛና) ድሕሪ ድራር ቢራ እናሰተና ገለና ካርታ ንጻወት ገለና ከኣ ነዕልልን ንጫራረቕን ነይርና። ነፍሲሄር ዓንዲኪኤል ካሕሳይ (ካፖ ኢልና ንጽውዖ ነይርና)፡ ነፍሲሄር ዓሊ ስዒድን'ውን ነይሩ። ብዝኾነ መበገሲኡ እኳ ሕጂ ብንጹር ኣይዝክሮን ብዛዕባ ካፖ ግን ኣርእስቲ ተላዒሉ። ሽዑ ኢሳያስ ዝበላ ሰብ ረኺብና ኢልኩም ድኹም ትዛረቡ ዘሎኹም "ካፖ እኮ ካብ ዝመቱ ንላዕሊ ካብ ዘለው ንታሕቲ እዩ ክሕግዘና ኢልኩም ይትሕሰቡ" ምስ በለ ኩሉ ተጋዳላይ ብስሓቕ ተተኮሰ። ካፖ ከኣ ሓንቲ ቃል ከይውጸ ሱቕ ኢሉ ካርትኡ ምጽዋት ቀጸለ። እዚ ንባዕሉ ክብርን ሕልናን ወዲ ሰብ ዝሰብር ጽዩፍ ተግባር እዩ። ኣብኡ ዝነበርና'ውን ጌጋ ክንብል ኣይበቃዕናን። ብኸምዚ ንነዊሕ ግዜያት ዝሰራሓሉ ጠባይ ከኣ ድሮ ንነብሱ ልዕሊ ሕጊ ገይሩ ሰሪዑዋ ነይሩ'ዩ።

4. 93 ኣብ ኣስመራ ዘጋጠመት ፍጻሜ ከኣ፣ ኢሳያስ ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ብዛዕባ ድለባ (ናይ ወጻኢ ሸርፈ) ጉዳይ ንጽዋዕ፡ ዓንደብርሃን ወልደገርጊስ ሓላፊ ሃገራዊ ባንክ፡ ሓጎስ ገብሪሂወት (ክሻ) ኢምባሲ ኣብ ኣመሪካ፡ የማነ ገብረኣብ (ማንኪ) ምኽትል ሸሪፎ ወጻኢ ጉዳይ ኣነ ከኣ ናይ ድለባ ሸርፈ። ፍኑው ቅጥዒ ዘይሓዘ ምሽርራፍ ስለ ዝነበረ ብሓደ ምእኩል ኣገባብ ዝሰርሓሉ መደብ ምውጻእ እዩ ነይሩ። ስለዚ ዓንደብርሃን ነቲ ነንበይኑ ፋሕ ኢሉ ዘሎ ናይ ወጻኢ ሸርፈ ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ባንክ ክጥርነፍ ኣለዎ። ንኣይ ከኣ ኣባልና ክኸውን ይግባእ፡ ሕጊ ናይ ሃገራዊ ባንክ ከኣ ከምኡ ኢዩ ምስ በለ፡ ሓሳቡ ብሕጊ ክረአ ከሎ ቅኑዕ እዩ ነይሩ። ኢሳያስ ግን ትኾብል ኣቢሉ ኣበይ ዘሎ ሕጊ እዩ፤ እቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ሓላፍነት መን ድዩ ሂቡካ? ዓንደብርሃን ኣብዛ ንእሽቶ ሃገርና ክነሳፍሕ እንትደለና ምስፋሕ ከሊእካና፡ ሰሚዐካ ኣሎኹ ዝተባሃልካዮ ጥራይ ግበር ኢሉ ገሰጸ። ዓንደብርሃን ስለ ዝተዳህለ ርእይቶ ከይሃበ ኣኼባ ተወዲኡ። ብሓደ ምእኩል ጥራሕ ክስራሕ ኣለዎ፡ ወጻኢ ጉዳይ ኣብ ድለባ ሸርፈ ኢድኩም ከይትእትው ኢሉ ኣፋንዩና። እንተኾነ እዚ'ውን ኣይሰረሐን። ንዓንደብርሃን ግን ኣብ ቅድሜና ኣዋሪድዎ ዋጋ ከምዘይብሉ ገይሩዎ። እቶም ኣብኣ ዝነበርና ዓገብ ኣይበልናን ነንሕድሕድና'ውን ውድድራት ነይሩና እዩ።

5. <u>ምድስካል</u> እዚ እሞ ኣብ ኤርትራ ዝስርሓሉ ሓድሽ ፍልስፍና (ሞደል ምሕደራ) ኢልና እውን ክንጽውዖ ንኽእል። ደረጃ ሚኒስተር ዝበጽሐ ምድስካል፣ ጀነራል ዝበጽሐ ምድስካል፣ ኮነረል ዝበጽሐ ምድስካል መንከ ዘይደስከለ!!። ዝድስክል ብዙሕ ዘደስክል ግን ሓደ ሰብ። ጸዊዃ'ውን ዝውዳእ ኣይኮነን። ከም ሓለፍቲ ብላዕሊ ዝውሃብ ዝነበረ ኣበል ኣጉዲልካ ደሞዞም ካብቲ ክፍሎም ወርሒ ወርሒ ከም ህልዋት እናፈረሙ ይወስዱ። እዚ ንባዕሉ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ሕልናውን ሞራላውን ቅንጸላ እዩ። እዚ ኣገባብ'ዚ ብዝኾነ ይኹን መዓቀኒ ጽዩፍን ኩኑንን ኣገባብ እዩ። ንሰባት ከም ሓጺን ሓንጎሎም ምምራት ብሞራል ቅቡል ኣይኮነን። ኣብ ዘበነ ኢሳያስ ግን እዚ ቅቡል ዝኾነ ኣገባብ ኣሰራርሓ ኮይኑ'ሎ። ነቶም ንዓመታት ዘደስከልካዮም ሰባት መሊስካ ኣብ ስራሕ ትመልሶም። እቶም ሰባት ድሮ ሞራሎምን ንያቶምን ስለ ዝዕርቡ ብምሉእ ሕልናን ብርእሰ ተኣማንነትን ከገልግሉ ኣይክእሉን ኢዮም። ንነብሶም ከመዓራርዩን ክውድቡን ግዜ ይሓትት። ፍጹም ርእሰ ተኣማንነት ከጥርዩ እንተኾይኖም እቲ ስርዓትን ፖሊስኡን ክቕየር ኣለዎ። እንተዘይኮነ ፍርሕን ጥርጣረን ስለዘሎ ኣድማዕቲ ክኾኑ ኣይክእሉን ኢዮም።

ንኽምዚ ዓይነት ውርደት ተተሸኪምካ ምኻድ ልሙድ ነይሩን ኣሎን። ኣፍና ልጉም ርኢና ከምዘይረኣና፣ ትም ኢልና ክንከይድ ዝገበረን ተራ ዝተጻወተን እቲ ምስጥራዊ ሰልፊ ኢዩ ነይሩ። ምስጥራዊነት ሰልፊ ምዕቃብ እናተባህለ ሓደ ሰብ ዘሕምቆ ፍሉይ ጉጅለ ኣብቲ ግንባር ኅብለል ኮይኑ መጺኡ። ኣባል'ዚ ሰልፊ'ዚ ዝነበርና ይዕበ ይንኣስ ብዘይገድስ ጌጋታት ክፍጸሙ ከለው ትም ኢልና ብምሕላፍና ተሓተቲ እና። ክንደይ ንጹሃት ገባራት ጠፊኦም እዮም። ንህዝብና በዲልናዮ እና። ባዕላትኩም ዘምጻእኩሞ ሕጂ እንታይ ትብሉና እንተበለ ሓቁ'ዩ። ንኣእምሮና ዝገዘአ ምስጥራዊ ሰልፊ እየ ዝጠቅስ ዘሎ'ኹ። ብምስጥር ዝኾይድ ፖለቲካዊ ሰልፊ ከይዱ ከይዱ ኣዕናዊ እዩ። ሕብረተሰብ ኤርትራ'ውን ንኽምዚ ዝኣመሰለ "ማሕበረነታዊ" ወይ "ደሳዊ" ሰልፊ ዝቕበል ኣይኮነን። ናይ ገዛእ ርእሱ ዲሞክራስያዊ ባህሊን ያታታትን ኣለዎ። እቲ ኮይኑ እቲ ግን ከምኡ ኢልና ክንቅጽል ስለ ዘይከኣል ኣብ ቅድሚ ህዝብና ተናሲሕና ይቅረ ሓቲትና ነዚ ርጉም ጸቓጢ ስርዓት ኢደይ ኢደይ ኢልና ሓቢርና ክንጉሕፎ ይግብኣና። ካባና ኤርትራውያን ሓሊፉ ነቲ ጉዳይ ዝፈትሖ የለን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቅድሜኡ ክልተ ምርጫታት ኣለዎኡ። 1. ወይ ነቲ ህሉው ጉዕዙይ ምሕደራ ተቀቢሉ እናጠፈኦ ምቅጻል 2. ወይ ከኣ ቃልሱ ኣበራቢሩ ነቲ ስርዓት ኣልጊሱ ኩሉ ንሱ ዘተኣታተዎ ፖሊስታቱ ጉሒፉ ኣብ ዕንኡ ናቱ ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ምትካል እዩ። ብወገነይ ምርጫና ኣብ ቁጽሪ 2 ዘላ ኢያ። ካልእ ምርጫ ዘሎ ኣይመስለንን።

<u>ውሕስነት መግቢ</u>

ብዛዕባ ውሕስነት መግቢ ኣብ ኤርትራ ኣመልኪቱ ዚሃቦ ርእይቶ እሞ ዘስደምም ኢዩ። ኣብቲ ሰሪሕና ተዓዊትናሉ ዝበሎ እቶት ኣብ 2007ን 2008 ከምኡ ከኣ ኣብ 2009 ብምሉኡ ሓሶት ኢዩ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ብሂወቱ ዝቕመሶ ክፉእ እዋን ከም ዝነበረ ምስክር ዘድልዮ ኣይኮነን። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጸጋታት፣ ምስቲ ዘሎ ሕጽረታትን ዋሕዲ ዝናብን፣ ከምኡ ከኣ ጉድለቱ ኣይሓብእን ኢዩ ንክብሃል ዘምጽኦ ምምሕዳራዊ ጉድለታት ይትንክፍ'ሞ፣ ብቕጥታ ብፍላይ ኣብ ጎረባብቲ ሃገራትን ብሓፈሻ ሃገራት ኣፍሪቓን ዘሎ ጸጋታትን ብዝሒ ዝናብን ብምውድዳር ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ መግቢ ሕጽረት ዝሓሸ ኢዩ ዝብለና ዘሎ። እቲ ሜላ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ውሽጣዊ ጉዳዩ ወጺኡ ኣብ ዘይምልከቶ ኣብ ናይ ወጻኢ ዓለም ሓሸውየ ንክጥሕል ዝተማህዘ ግጉይ ሜላ፣ ፍረ ዘይርከቦ ጸወታ።

በየናይ መዓቀኒ ኢዩ ይሓይሽ ዝብለና ዘሎ። ንህዝቢ ጅሆ ሒዝካ። ጌና ንእስነቶምን ፍቕሪ ወለዶምን ዘይጸገቡ መንእሰያት ሰሲሒብካ ብሓይሊ ንሳዋ ስለ ዝሰደድካ፣ ዩኒቨርስቲ ዓጺኻ፣ ኣብ ክንዲ ቤት ትምህርታት ቤት ማሕቡሳት ስለ ዘብዛሕካ፣ ነጻ ውልቃውያን ነጋዶ ስለ ዝኸልከልካ፣ መሬት ስለ ዝገበትካ፣ ነጻ ፕረስ ስለ ዝኣገድካ፣ መሰል ዜጋታት ስለ ዝሓረምካ፣ ....ወዘተ። በዚ መርትዖታት'ዚ ድዩ ህዝብና ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ኣሎ ዝብለና ዘሎ። እዚ'ሞ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘሎዎ ንዕቀት'ዩ ዝገልጸልና ዘሎ። እዞም ጨናፍር እዚኣቶም ኣብ ነንእድሕዶም ዘሎ ምትእስሳር ብነጻን ብዲሞክራስያዊ ሓርነትን ክንቀሳቐሱ እንተ ዘይኪኢሎም ኣብ ሓደ ሃገር ውሕስነት መግቢ ኣሎ ክብሃል ዝከኣል ኣይኮነን። እስኪ ኣብ ኤርትራ

ዘሎ ስርዓት ከም ሓንቲ 3 እግሪ ዘለዋ ኮፍ መበሊት ሰድያ ገይርና ንውሰዶ። እታ ሰድያ ሓንቲ እግራ እንተ ተሰይራ ኮፍ ክተብል ትኽእልዶ? ስለዚ ስርዓት ህግደፍ (ኢሳያስ) ዝተሰብረ ሰዲያ ኢዩ። ዝተሸርፈ ስርዓት ከኣ ኣብ ዝኾነ ሜዳ ውሕስነት ዜጋታት ከረጋግጽ ምስ ባህሪኡ ዘይቃዶ'ዩ።

ኢሳያስ ኮለል እናበለ ከይተፈለጠ ኣብ ኤርትራ ዓጸቦ የሎን፡ ዓጸቦን ጥሜትን ሓደ ኣይኮኑን ኣብ ገለ ገለ ብፍላይ ኣብ መጓሰ ጥራሕ ዝነብሩ ተሃስዮም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ክብል ግን ኣይሓበኣን። ዓጸቦ ክህሉን ከይህሉን በየናይ ነጻ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ተረጋጊጹ። ዝኾነ ናይ ወጻኢ ፕረስ ዘይፍቅድ ድያብሎስ ስርዓት ዝበሎ ጥራሕ ቅቡል ክኸውን ኣይክእልን። ነቲ ዝበሎ ዘፍርስ ንባዕሉ ኣስዒቡ ኣነ ይብል "4 ባኒ ክበልዕ ይደሊ ይኸውን፡ እንተ ዘይረኸብኩ ብ2 ባኒ ክኸይድ ኣሎኒ" ይብል፡ ይትረፍ 2 ባኒ ሓንቲ ባኒ ዘይረክብ ብዙሕ ኤርትራዊ ከም ዘሎ ጠፊኡዎ ኣይኮነን እንታይ ድኣ ብንዕቀትን ብድዐን ስለ ዝሰኸረ ናይ ህዝቢ ሽግር ንዕኡ ጸገም ኣይኮነን። ጸገሙ ናይ ስርዓቱ ሰንከልከል ምባሉ ጥራሕ እዩ ዓጢጥዎ ዘሎ። ካብቲ ህዝበይ ዝብሎ ንላዕሊ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ሓላይ ኮይኑ ብዙሕ ኣህተፍቲፉ።

ሰብ ክምሃር ኣለዎ እናበለ'ውን ጽቡቅ ትንታኔታት ዝገርም እዩ። እቲ ዝምሃር ኮነ እቲ ዝምህር ሕጂ ኣበይ ኣለው? ገለ ኣብ ትሕቲ ጉዳዱዲ ሂወታ ትማስን፡ ገለ ኣገልገልቲ ጀነራላቱ፡ ዝበዝሕ ከኣ ፈቀዶ ሃገራት ንስደት ተበቲኑ ይርከብ ኣሎ። ወጺኡ ኣሎ ዝብሎ ፕሮጀክትታት ናይ ትምህርቲ መን እዩ ክምሃረሉ ደንጎላታት ወይስ ሑጻ ሰብ ክቅየር! እንድዒ።

<u>ብዛዕባ እገዳ</u>

ኣብዚ እሞ ብዙሕ ሕጋዊ ትንታኔታት ኢዩ ዝድርድር። እቲ ንሱ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ሰባት ዝፍጽሞ ዘሎ ኣረመናዊ ግፍዕታት ረሲዑ ጻድቕ ክመስል ምፍታኑ እዩ ዘስደምም። ክንደይ እኳ ቂዕ-ቂዕ ዘይተባህለ። ብዓለም ለኻዊ ዝተለመኖን ዝተዋህቦ ምሕንጽንታን ዕሽሽ ኢሉ ዓንዳርነቱ ምስ ቀጸለ ትምህርቲ ክውሃቦ ግድን ኮይኑ። ድሕሪኡ ዝመጽእ ድማ ተሓታቲ ባዕሉ ይኸውን። ሕጂ ተጠሊዕካ ምእዋይ ፋይዳ የብሉን። ናይ ሓንጎል ጭንቀት ዘበገሶ ዘይፍትሓዊ ፍርዲ ተበይኑና እናተባህለ ዝግበር ዓንገረር ፍታሕ ኣይምጽእን እዩ። ናይ ሓንጎል ጭንቀት ኣሕዲሩ ዘሎ ባዕሉ ንሱ እዩ።

መንግስታት ቻይና፡ ፈረንሳ፡ ሩስያ ነቲ ብይን ኣይንድግፎን ኢና ክብላና ጸኒሐን ውሳኔ ክሓልፍ ስቅ ምባለን ክርድኣና ኣይከኣለን ብምባል ነታ ኩዕሶ ናብ መንግስታት ክድርብያ ምድንዑ ዝገርም እዩ። ካብ ገበንን ተሓታትነትን ግን ሓራ ዘውጽእ ኣይኮነን። ቃልና ክንህብ ዕድል ተነፊጉና፡ መርትዖታትና ኮነ ርእይቶና ከይሃብናሉ ተፈሪድኩም ክብሉና ሕጋውን ሞራላውን መሰል የብሎምን ይብል። ክልተ ክሱሳት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ቀሪቦም መርትዕታቶም ከቕርቡ ሕጋዊ መሰል ኣለዎም፡ በዚ ዘይሓለፈ ቅቡል ክኸውን ድማ ኣይክእልን ይብል። እቲ ወካሊኡ ኣርኣያ ደስታ ዝሃቦ መደረ ድኣ እንታይ ድዩ ነይሩ?።

ቅድሚ ኩሉ ንዓና ንኤርትራውያን እቲ ንሱ ኣብ ልዕሊ ኣቦታትናን ኣያታትናን፡ ኣሓትናን ኣሕዋትናን ዝፍጽሞ ዘሎ በደል እዩ ዘገድሰና። ብሰንኪ ንቁጽ ይነድድ ርሑስ ስለ ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘምጽኦ ስነ-ኣእምራዊ ጭንቀት ኣጸቢቕ ይርድኣና እዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ክሳብ ዘሎ ከኣ ጸገም ህዝብና መልክዑ እናቀያየረ ይውስኽ እምበር ዝንኪ ኣይኮነን። እቶም ኣብ ጎዳጉዲ ሂወቶም ዝማስኑ ዘለው ቃሎም ባዕሎም ኮነ ብወኪሎም መርትዖታቶም ከቕርቡ ዕድል ተዋህቦም ድዩ? ኣየናይ ናይ ፖለቲካ እሱር ኢዩ ናብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ ዘቕረቦ? እሱር ስድራ ቤቱ ክበጽሕዎን መግቢ ኮነ ቅያር ክዳውንቲ ከብጽሕሉ ዘይሕከኽ መሰል ኣለዎ። ሰርዓት ህግደፍ ንኹሉ መሰላት ዝግህሰ ንኣድማሳዊ ሕጊ ዘይቅበልን ዘይኽብርን ስርዓት እዩ።

ኣብ ሃገሩ ቅዋምን ሕግን ዘይብሉ ስርዓት ሕጊ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ከኽብር ኢዩ ኢልካ ክትሓስብ ፍጹም ዝከኣል ኣይኮነን። ንቡሩን ሰላማውን ሂወት ጎረባብቲ ዝዘርግ ብዓለማዊ ሕጊ ዘይቅየድ ዓንዳሪ ስርዓት ከኣ እቲ እገዳ (ማዕቀብ) ደንጉዩ ከማን። ብዛዕባ ጎረባብቲ ሃገራት ዝበሎ'ሞ ክነው ዋናታቱ ብምሕላፍ ዝያዳ ተሓላቒ ህዝብታት ክኸውን እዩ ዝፍትን ነይሩ።

እዚ እገዳ'ዚ ነቲ ካብ ወጻኢ ንቤተ-ሰብ ዝልኣኽ ገንዘብ ክጸልዎ እዩ። ሓላይ ህዝቡ ንክመስል ንህዝብና ንምሕናቕ ዝዓለመ እዩ ክብል ከሎ ነቲ ንሱ ዝኸተሎ ፖሊሲ ብምርኣይ ብጣዕሚ ይድንጽወካ። እስኪ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተፈጸመን ሕጂ ዝፍጸም ዘሎን ንተዓዘብ።

1. ኣብ ግዜ ሰውራ ብፍላይ ጸላኢ ኣብ ከተማታት ተሓጺሩሉ ዝነበረ እዋን ምዝካር ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ። ኣብቲ ከተማታት ጸላኢ ጥራሕ ኣይኮነን ነይሩ። ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝብና ካብቲ ዘፍረዮ ንከተማ (ዕዳጋ) ኣውሪዱ ሽይጡ ቅያሩ ዘድልይዎ ገዚኡ ሂወቱ ይመርሕ ነይሩ እዩ። ፖሊሲ ናይቲ ግንባር ዝመስል ግን (ፖሊሲ ናይቲ ምስጥራዊ ሰልፊ) ንጸላኢ ብቁጠባ ምቅላሱ ዝብል ከመዛዝን ዕድል ዘይህብ ፖሊሲ ብምኽታል ኣብ ልዕሊ በተኻት ገባሮ እንቋቕሕ፡ ደርሆ፡ ቁንጣሮ እኽሊ ገለ ክሸጦ ገለ ከኣ ንቤተ ሰቡ ንከተማ ከየእቱ ክልኩል ነይሩ። ዝተረኽቦ ከኣ ይህገር ነይሩ። እዚ ንባዕሉ ኣብ ልዕሊ ወገንካ እገዳ ዶኣይኮነን?። ካብኡ ዝጽበዩ ቆልዓ ሰበይቲ ድፍን ክብሉ ዝገብር ዝነበረ መን ዲዩ። ካብዚ ሕሱም ግፍዒ ተማሪሮም ናብ ጸላኢ ዘለዎ ቦታ ዝኸዱ ወይ ዓዲታቶም ገዲፎም ንስደት ዘምረሑ ስድራ ቤታት ተረሲዑ ድዩ?። ነቶም ንከተማ ዝኸዱ ብዓይኒ ጥርጣረን ክሕደትን ይራኣዩ ነይሮም። ነቲ ኣገባብ ዝተቓወሙ ብዘይ ኣገባብን ብዘይፍርድን ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈጸመ በደል ንታሪኽ ይግደፍ።
2. እዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታትኪ፡- ኤርትራዊ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ሓንቲ መለሊኽ እኽሊ ገዚኡ ካብ ኣስመራ ንደቀምሓረ ክሕልፍ ዘይክእል። ካብ መንደፈራ ንቤተ ሰቡ ሓንቲ ኪሎ ቡን፡ ሽኮር ሒዙ ናብ ገጠር ክወጽእ እኳ ዘይፍቀዶ። ዝገርም እዩ ሓደ መራሒ ሃገር ዝብል ብሓርጭ ከይሓልፍ እንተ ከልከልናዮም ብቡሑቕ ክሕልፉ ረኺብናዮም ክብል ዘሕፍር እዩ። እዚ ንባዕሉ እገዳዶ ኣይኮነን እንታይ ስም ድኣ ክውሃቦ ይኽእል።
3. ካብ ወጻእተኛታት ገበርቲ ሰናይ ብመንገዲ ኣቅሽሽትን ደናግልን ከምኡ ከኣ ሚስዮናት ንደቂ ስውኣት፡ ንዘኽታማት፡ ንደቂ ድኻታት ካብ ወጻኢ ዝመጽእ ሓገዛት ኣብ ኢዱ ንምእታው ዘይፈንቀሎ ደንጎላ ኣይነበረን። ኣብ መጨረሻ ከኣ ነቶም ዓደልቱ ሊስታ ናይቶም ተሓገዝትን እቲ ሓገዝን ናብ ኢደይ ኣረክቡኒ ወይ ስራሕኩም ጠጠው ተብሉ ዝብል ትእዛዝ ኣመሓላሊፍሎም እዩ። ካብ ቀናእን ገባትን ስርዓት ከኣ ጽቡቕ ኣይትጽበን ኢኻ። ዓማጺ ኩሉ ግዜ ሰብ ክጸግብን ክሕጎስን ኣይደልን እዩ። ጉጅለ ስርዓት ህግደፍ ከኣ ብዘይካ ክፉእን ተንኮልን ጽቡቕ ዝብሃል ዘይተዓደሉ ሰባት ኢዮም።
4. ኣብ 94 ዝተፈጸመት ምንጽልጻል፡- መቸስ ሓደ መላኺ ኣተሓሳስባታቱ ናብ ህዝቢ ክዝርግሕ ምስ ዝድለ ቅድሚኡ ናብ ካድረታት በቲ ጽቡቕ ዝመስል መድብ ኢዩ ጐስጓሳት ዝካየደሉ። እቲ መደብ መደብ ምንጽልጻል እዩ ነይሩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ባይቶ ዘትዩ ዘሕለፎ ጉዳይ ኣይነበረን። ዕላማኡ ብባጀት መንግስቲ ዝመሓደራ መንግስታዊ ትካላት ዝሰርሕ ሓይሊ ሰብ ዳግማይ ስርርዕ ምግባር እዩ ዝብል ነይሩ። እዚ ማለት ንክኢላታት ኣዕጋቢ ደሞዝ ከፊልካ ሓይሊ ሰብ ቁጽሩ ከም ዝውሕድ ገይርካ ምስራሕ። ብኣካደምያዊ ክትዕ ጽቡቕ ይመስል። ኣብቲ ሕብረተሰብ ግን ነየናይ ቀጸላ (ደርቢ) ከም ዝትንክፍ እኩል መጽናዕቲ ኣይተገብረሉን። ተንኮል'ውን ነይሩዎ እዩ። ተጋደልቲ ዘይኮኑ ካብ ስራሕ ጸንጺልካ ብተጋደልቲ ንምትካእ ሕቡእ ኣጀንዳ'ውን ነይሩዎ። ኤርትራ ብምሊታሪ ኣብ 91 ነጻ ምስኮነት ብጠለብ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ክኢላታት ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ዝነበሮም ሓላፍነት ገዲፎም ንኤርትራ መጺኦም ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ከገልግሉ መጺኦም ነይሮም ኣዮም። ኣብቲ ናይ ምንጽልጻል ግዜ ግን ቀዳሞት ግዳይ ዝኾኑ ንሳቶም ነይሮም። ክንደይ መሳኺን ካብ ኢዶም ናብ ኣፎም እዚ'ውን እንተተኻኢሉ ስድራ ቤት ዝኣልዩ ክራይ ገዛን መብራህትን መኽፈሊ'ውን ዘይኣኽሎም ናይ ብያንቶኒ ስራሕ ዝሰርሑ ብምልኦም ተጓሒፎም። ቤተ ክህነታት ጥራሕ ኣቤት ኢሎም ኣእውዮም ዝሰምየም ግን ኣይረኸቡን። ኣብ ግዜ ደርጊ ዘይተገብረ ብወዲ ሃገር ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዘስካሕክሕ ፍጻሜ። ቆልዑት እንታይ ይበልዑ ርህራሄ ዘይብሉ ውሳኔ። ሽዑ እዩ ኣብ ህዝቢ ግሉጽ ዓቢ ክሕደት ዝተፈጸመ።

እዚ ኩሉ ገበናት ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ዝፈጸመ መንግስቲ ብሰንኪ ዓንዳሪ ፖሊስኡ ብሓያላት መንግስታት ንዕኡን ጉጅለኡ ንዕንዳራታቶም መግትኢ ስለ ዝተገብረሎም ተበዲልና እናበሉ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ዝቀነዐ ኣውያት እንተገበሩ ነቲ ውሳኔ ዝቅይሮ ኣይኮነን። ንሱን ጉጅልኡን ጮማን ዊስክን ክበልዑን ክጭሉጡን ከለው ህዝቢ ኤርትራ ናብ ለማናይ ተቀይሩ ከም ዘሎ ጌና ኣይተረደኦምን ዘሎ። ህዝቢ ኤርትራ ድኣ ፎእ ኢሉኩም፡ ኣብ ጸሎቱን መህለልኡን እዚ ኣብ ልዕለና ዘሎ ጸልማት ቀንጥጠልና ራህዋን ሰላምን ኣውርደልና እናበለ እዩ ንኣምላኹ ልመናኡ ዝዕርግ ዘሎ። ብፍቅርን ስኒትን ኣብ መሬቱ ኣብ ገዛኡ ብሰላም ክድቅስ ኣይከኣለን። ብሰንኪ ስርዓት ህግደፍ ኤርትራ ሎሚ እሾኽ ኢያ ወሊዳ ዘላ። ካብ ሂወቱ 3ተ ርብዒ ኣብ ቃልሲ ዝሕለፈ፡ ፍርቂ ኣካሉ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝቀበረ፡ ደሙ ዝኸፈለላ ሃገሩ ገዲፉ ንስደትዶ ምኸደ!! ብገዛእ ፍቃዱን ፍቶቱን ነታ ዝፈትዋ ሃገሩ ሂወቱ ክህብ ዝተወፈየ ሰብ ዝምነያ ክውን ምስ ገበረ ተመሊሱ ካብ ሃገሩ ክጠፍእ ዝትምነ ወይ ዝደሊ ሰብ ኣሎዶ?። ጥዑይ መልሲ እውን ኣይትረኽበሉን። ኣብ 5 መዓልቲ ጥራይ 500 ዜጋታት ንኢትዮጵያ ዝኣትውሉ ደረጃ በጺሕና ኣሎና። ዜጋታትና ኣብ ሊብያ ኣብ ግብጺ በማኢት ኣሽሓት ኣብ ቤት ማእሰርትታት ብኾንቱ ጉልበቶም ይማስን ኣሎ። ኣብ ውቅያኖስን ሳሃራን ሂወቶም ዝስእኑ ዘሎው ዓሳታት ወይ ኣጣል ኣይኮኑን። መንእሰያት ኤርትራ ኢዮም።

ኣቱም ምሁራት ኢና ትብሉ ካብ ስርዓት ህግደፍ ስልጣን ምጽባይ ረብሓ የብሉን። ንስልጣን ጭልም ክትብሉ እኒሆ 18-20 ዓመት ሓሊፉ። እንተ ረኽብኩማ እውን ኣብ ዝጠዓሞ ግዜ ከደስክለኩምን ክጉሕፎኩምን እዩ። በቶም ናይዚ ጽዋእ ዝኾኑ ብጸትኩም ክትምሃሩ ይግባእ። ምስ ህዝብኩም ድኽነትን ራህዋን ቅሳነትን ይሕሸኩም። ኣብ ሮማ ኣብ 87 ኣቦና ወልድኣብ ወልደማርያም ዘዘንተውሉይ ዛንታ ትዝ ትብለኒ። ኣብ ሓንቲ ዓዲ ሓደ ርጉም መራሒ ነበረ። ንህዝቡ ብጣዕሚ ይገፍዖምን የጨንቆምን'ውን ነበረ። ብኡ መጠን ከኣ ኣብቲ ዓዲ ጥምየት ነበረ'ሞ ብዙሕ ሰብ ከይበልዐ ይሓድር ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ህዝቢ ኣኪቡ መን ኣሎኻ ትማሊ ጸምካ ዝሓደርካ ኢሉ ሓተተ እሞ ሓደ ብድድ ኢሉ ጐይታይ ኣነ ኣሎኹ በለ። ወየ ርጉም መራሒ ትቅብል ኣቢሉ ሎሚ ከኣ ከም ትማልኻ ጸምካ ትሓድር ኢሉ ገዲፍዎም ከደ። ሽዑ እኳ ሓቂ ይሓይሽ ስሒቀ እምበር መልእኽታ ኣይተረዳኣንን። ሎሚ ተመሊሰ ክሓስባ ከሎኹ ግን ብልክዕ ነዚ ህሉው ኩነታትና ኣጸቢቓ ትገልጽ ኢያ ነይራ። ኣቦይ ወልድኣብ ዕድለኛ ኮይኖም ናጽነት ሃገሮም ርእዮም፡ እወ ንናጽነት ኣድሚጸም፡ ኣብታ ዝፈትውዋ ከተማኦም ዓሪፎም ሓመድ ኣዳም ለቢሶም። እንተኾነ ኣቦይ ወልድኣብ ከም ድላዮም ምስ ህዝቢ ክራኽቡ ተፈቂዱሎም ድዩ? ክሳብ ዝመቱ ኣብ ገዛ ሕዩር እኳ እዮም ነይሮም። ዝኾነ ሰብ ከም ድላዩ ክበጽሖም ፍቁድ ኣይነበረን። መጀመርያ ኣስመራ ዝኣተውሉ ብዛዕባ ምዕባለ ኤርትራን ተራኣ ኣብ ኣፍሪቃን ምስ ተሓቱ ዝሃብዋ መልሲ ልክዕ ብሂወቱ ዘሎ ፍጡር ኤርትራዊ ይፍደዮ ኣሎ። እታ መልሲ ቃል ብቃላ ኢሳያስ ክሳብ ዘሎ ኣብ ኤርትራ ሰላም ኣሎ ማለት ዘበት እዩ። እቶም ዝሓተቱ ብናስትሮ ቀሪጸሞ ነይሮም ኢዮም፡ እንተኾነ ኣብ ውሽጥን ደገን ሓለውቲ ስለ ዝነበሩ ነቲ ናስትሮ ኣሕዲጎም ወሲዶሞ። እቶም ናይ ዓይኒ መስካኽር እታ ዘረባ'ቲኣ ንተሰፋና ናብ በረድ ቀይራቶ ክብሉ ነጊሮምኒ። እቲ ዘገርም ከይተፈለጠና ግዙኣት ናይ ሓደ ሰብ ኮይና ምትራፍና እዩ እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን። ሎሚ ህሉው ፖለቲካዊ ኤርትራ መርትዖታት ዘድልዮ ኣይኮነን።

ናይ ዒራቕ ሕቶ፡- ኣብ ዒራቕ ዝተፈጸመ ህልቂትን ዝፍጸም ዘሎን ዘሕዝን እዩ። ህዝቢ ዒራቕ ዝኸፍሎ ዘሎ መስዋእቲ ብሕልና ተኻፈልቲ ኢና። ናይ መጨረሻ ዘላቒ ፍታሕ ክረክብ ድማ ናይ ዝኾነ ደላይ ሰላም ትምኒት እዩ። ኢሳያስ ግን ኣብ ግዜ ወራር ቀዳማይ ደጋፊ ከም ዘይነበረ ሕጂ ምስ ኣመሪካ ስለ ዝተባኣሰ ዝያዳ ተሓላቒ እንተመሰለ ዝገርም ኣይኮነን።

ንጅቡቲ እሞ ናይ ቤተሰብ መንግስቲ ኢዩ ዝብሎ። ጽዩፍ ኣዘራርባ፡ ንኹሉ ብናቱ ቂም ጥራይ ክፈርዶ።

ናይ ሶማል ጉዳይ፡ እታ ዘላቶ ጠላዕ (ካርታ) ዝጸወተላ ሃገር፡ እንታይ እሞ ይገበር ሓያላት እንደ'ሞ ረኺቦሞ። ኣብ ሶማል ሕጂ ጥራይ ኣይኮነን ዝጣላዕ ዘሎ። ኣብ 91 ሕቡራት መንግስታት ኣብ ሶማል ወተሃደራቶም ዝሰድሉ ዝነበረ እዋን ሓደ ካርታ ክጸወት ኣበጊሱ ነይሩ እዩ። ሽዑ ዓለም ብምልእታ ኣብ

ኤርትራ ጽቡቕ ተስፋን ዓቢ ቆላሕታን ኣንቢራ ነይራ'ያ። ሓውና ኢሳያስ ግን ሓያል ንክመስል ሶማላውያን ኣዕርኽቱና ኢዮም፡ ዝያዳ ስለ ፈልጦም ንሕና ወተሃደራትና ሰዲድና ክነደቅሶ ንኽእል ኢና ዝብል እማመ ንሓያላት መንግስታት ኣቕሪቡ ነይሩ። መልሲ ከይረኽበ ማዕረ ማዕሩኡ ኣብ ባጽዕ ውጩ ዝመርሖ ሰራዊት ክጥርንፍ ጀሚሩ ነይሩ'ዩ። ጌጋ ይኽለኣለይ ድኣ እምበር ይመስለኒ ፈርንሳ ከይትኽውን ስለ ዝተቓወመቶ ሰራዊት ኤርትራ ካብ ጥፍኣት ድሒኖም። እንተኾነ ሰራዊት ኤርትራ ካብቲ ናይ ጥፍኣት ጥጅእ ኣይደሓነን። ዕላማ ዘይብሉ ናብ ዓበይቲ ቀላያት ተላኢኾም ጠፊኦም። ንስርዓት ኣልበሺር ንምቕያር ኣብ ልዕሊ ሱዳን ኩናት ተኸፊቱ ሂወትን ንብረትን ዓንዩ። ወዮ ድኣ ኣሉን ክሕደትን ኣመሉ እዩ እምበር ናይ ትማሊ ኣብ ሶማል ኣትዩ ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ተማሪኾም ዘለው ወተሃደራት ኤርትራውያን ዝዓቢ መርትዖ ኣሎዲዩ? ኣብኡ ዝጠፍኡ ከኣ መን'ዩ ተሓታቲ።

መርትዖ ዘይብሎም እናበለ ብዙሕ ዝጭድር። ንሱ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ዝፍጽሞ እገዳ ኮነ ቅንጸላ ቅቡልን ቅኑዕን ክኸውን ብዓንዳርነቱ ኣብ ልዕሊኡ ዝግበር እገዳን ጸቕጢን ግን ዘይቅቡል። ድሓር ከኣ ብሃገራውነት ተጎልቢብካ ኣብ ከባቢ ቅርኒ ኣፍሪቃ ህኮትን ዕግርግርን ንክሰፍን መደበይ ኢሉ ሒዝዎ ዘሎ ጉዳይዶ ኣይኮነን። ሓቂ ከኣ ዘይትምኖ ስልጣን ዝለመደት ሂወቱ ከድሕን እንተኾይኑ ኩናትን ዕግርግርን ኣብቲ ከባቢ ክነግስ ኣለዎ። ሰባት እናጋጨኻን እናቕንጸልካን ዝሓኾርካዮ (ዝደየብካዮ) ስልጣን ብሰላም ንዋነታቱ ዘረከበ በዓል ስልጣን ኣብዛ ንነብረላ ዘሎና ፕላነት ክሳብ ሕጂ ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን።

ሰላም፡ ሓርነት፡ ግዝኣተ-ሕጊ ይንገስ

ሃብተማርያም በርሀ

ጥሪ 20, 2010